# ኣቶ ሓምድ ድራር፡ ምስ መራሕቲ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ኣብ ካርቱም ተራኺቡ



**ሓባራዊ ሽማግለ ዜና**
**20.12.2009**

ኣቶ ድራር ሓምድ ኣሕመድ፡ ኣባል መሪሕነት ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ኣባል ተክኒካዊት ኮሚቴ ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለን፤ ኣብ ካርቱም ምስ ልሉያት መራሕቲ እስላምዊ ምንቅስቓስን ተቓወምቲ ሃገራውያን ውድባትን ሃናጽን ዕዉትን ርክባት ኣካይዱ።

ኣቶ ሓምድ ድራር፡ ምስ መርበብ ሓበሬታ ኣዱሊስ ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መሓትት፡ ምስ ገለገለ ልሉያት መራሕቲ ተቓወምቲ ውድባት ዝገበሮ ርክብ ብዛዕባ'ቲ ኣብ መንጎ ሰለስተ ውድባት ክካየድ ዝጸንሐ መስርሕ ሓድነትን በጺሕዎ ዘሎ ደረጃን ብዝርዝር ከምዘገለጸን፣ ንዝቕረብሉ ሕቶታት ብግልጺ ብምምላስ ብዙሕ ጉዳያት ከምዘብርሃሎምን፣ ብወገኖም ውን፡ ነቲ ኣብ መንጎ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ፡ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስን ዝካየድ ዘሎ መስርሕ ምጽንባር ደገፍቱ ም'ኳኖም ከምዘረጋገጹሉን ሓቢሩ።

ቀጺሉ፡ እቲ ካብ 29 ታሕሳስ ክሳብ 31 ታሕሳስ 2009 ኣብ ጀርመን ክካየድ መደብ ተታሒዝሉ ዘሎ ምጽንባራዊ ኮንፈረንስ፡ ዘድሊ ፖለቲካውን ተክኒካውን ምድላዋት ተዋዲዱ ምህላዉን፣ ኣብ ፍርቂ ለይቲ ናይ 31 ታሓሳስ እቲ ሓድሽ ሰልፍን ሓድሽ ፖለቲካዊ ፕሮግራምን ሓድሽ ቅዋምን ክእወጅ ኢዩ ኢሉ። ኣስዒቡ፡ መሰጋገሪ ማእከላይ ባይቶ፡ ብምጽንባር ናይ ሰለስቲ ውድባት ማእከላይ ባይቶታት ዝቐውም ኰይኑ ብዝሖ 91 ክኸውን፤ መሰጋገሪ ፈጻሚ ኣካል ውን ከምኡ ብምጽንባር ናይ ሰለስቲኡ ውድባት ፈጸምቲ ኣካላት ዝቐውም ኰይኑ ብዝሖ ድማ 24 ክኸውን ኣብ ስምምዕ ተበጺሖ ከምዘሎ ኣረዲኡ። ካብ'ቶም 24 ኣባላት መሰጋገሪ ፈጻሚ ኣካል ድማ፡ ንዕለታዊ ስርሓት ናይ'ቲ ሓድሽ ሰልፊ ዝመርሑ፡ ኣቦ መንበር፡ ሰክረተርን (ም'ክትል ኣቦመንበር)፡ ካልኦት ኣካየድቲ 9 ኣብያተ-ጽሕፈታትን ብድምሩ 11 ሓለፍቲ ክምረጹ ም'ኳኖም ገሊጹ። ምስ'ዚ ኣተሓሒዙ፡ ዕድመ ናይ መሰጋገሪ መሪሕነት ክሳብ'ቲ ኣብ ውሽጢ 18 ኣዋርሕ ክካየድ ተመዲቡ ዘሎ ዲሞክራስያዊ ምርጫታት ዝካየደሉ ጉባኤ ም'ኳኑ ኣነጺሩ።

ኣብ መወዳእታ ከኣ፡ ቅድሚ'ቲ ምጽንባራዊ ጉባኤ፡ ማእከላይ ባይቶታት ናይ ሰለስቲኡ ውድባት በበይኑ ተኣኪቡ፡ ነቲ ንድፍታት ፖለቲካዊ መደብ ዕዮን ቅዋምን ካልእ ስምምዓትን

**ክርእይዎን፤ ውድባቶም ብሕጊ ኣፍሪሶም ናብ ምጽንባር ዝኣትውሉ ባይታታት ክምድምዱን ኢዮም ኢሉ።**